

# ስድራቤታትን Child Outcome Summary (ጽሟቕ ውጽኢት ህጻናት)ን

## መስርሕ CHILD OUTCOME SUMMARY (ጽሟቕ ውጽኢት ህጻናት)

### ከመይ ይሰርሕ?

መስርሕ Child Outcome Summary (ጽሟቕ ውጽኢት ህጻናት, COS) ህጻናት ኣብ ቅድመ ምትእትታው ዝገብርዎ ምዕባለ መረዳእታ ንምእካብ ይጥቀመሉ። ብሓባር ብምኻን፣ ናይ ውላድኩም ተግባራዊ ምዕባለ እንታይ ከም ዝመስል፣ መዓስ ኣገልግሎት ከም ዝጅምርን መዓስ ከም ዝሰጋገርን ንፈልጥ። እዚ ድማ ኣብ ሰለስተ ወሰንቲ መዳያት፣ ኣብ ኣገልግሎት ቅድመ ምትእትታው እንከለዉ፣ ክሳብ ክንደይ ምዕባለ ከምዘርኣዩ ዘርኢ እዩ።

## እቶም ሰለስተ ቁልፊ መዳያት እንታይ እዮም?

### እቶም ንከታተሎም ዘለና ውፅኢታት፦

- ኣወንታዊ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ክእለታትን ማሕበራዊ ዝምድናታትን
- ፍልጠትን ክእለታትን ምጥራይን ምጥቃምን
- ድሌታቶም ንምምላእ ግቡእ ባህርያት ተጠቐሙ

## ነቲ ምዕባለ መን ይውስን?

### ምዕባለ ውላድኩም ምክትታል።

ንውላድኩም ልዕሊ ዝኾነ ሰብ ከም እትፈልጥዎ ንኣምን። ኣብ ጋንታ ውላድኩም፣ ውላድኩም ኣብ ቅድመ ምትእትታው ኣብ ዝነበረሉ እዋን ክሳብ ክንደይ ምዕባለ ከም ዝገበረ ኣብ ምውሳን ኣገዳሲ ተራ ኣለኩም።

## ስለምንታይ ነዚ ዳታ ትእክብዎ?

### ሓበሬታ ውላደይ ይሕሎ ድዩ?

ኣብ ፕሮግራምና ዘለዉ ኩሎም ህጻናት ዳታ ንእክብ። ውልቃዊ ዳታኹም ብናይ ከባቢኹም ፕሮግራም ከምኡ'ውን ብናይ ግዝኣት ESIT ጉጅለ ይርአ። ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ከሎ፣ ዝካፈል መለለዪ ሓበሬታ የለን። ነዞም ዳታታት እዚኦም፣ ብኣግኡ ምትእትታው ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ከም ዝሰርሕ፣ ከምኡ'ውን ንወፍሪ ጸጋታት ዝኸውን ምኺኑ ንምግላጽ ኢና ንጥቀመሉ።

Washington State Department of
CHILDREN, YOUTH & FAMILIES

# ልምዓታዊ ምዕራፋት

*ውላድኩም ኣብቶም ቀንዲ መዳያት ኣብ COS ንኽዓቢ ዝሕግዙ መንገድታት*

## ኣወንታዊ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ዝምድናታት ምምዕባል

**0-6 ወርሒታት፦**

- ፍሽኽታ ናብ ፍሽኽታ፣ ድምጺ ወይ ምትንካፍ
- ዓው ኢሉ ይስሕቕን ምጽዋት ይፈቱን
- ዘይፈልጦም ሰባት የስተብህል

**6-12 ወርሒታት፦**

- ፒክ-ኣ-ቡ ይጻወት
- ንሓደ መጻወቲ ካብ ካልእ መጻወቲ ምርጫ ምኧኑ የርኢ
- ንመንፈስ ዓበይቲ ሰባት ብግቡእ ይምልስ

**12-24 ወርሒታት፦**

- ፍቕሪ ይህብ፤ ምሕቋፍን ምስዓምን ይምለስ
- ናይ ኣቓልቦ ሓደ ሰብ ንምስሓብ ቃላት ወይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ይጥቀም
- ንኻልኦት ቆልዑ ኣቓልቦ ይህብ

## ክእለታትን ፍልጠትን ምጥራይ

**0-6 ወርሒታት፦**

- ንኣቘሑት ወይ ሰባት ይርኢ
- ብኸፊል ዝተሓብአ ነገር ይረክብ
- ንሓደ መጻወቲ እናሓዘ ይጥምት

**6-18 ወርሒታት፦**

- ከም ፓት-ኤ-ኬክ ዝኣመሰሉ ቀለልቲ ጸወታታት ይጻወት
- ሓደ ነገር ክስመ ከሎ ናብኡ እዩ ዘመልክት

**12-24 ወርሒታት፦**

- ኣብ ፓዝል ቦርድ ቅርጽታት የለልይ
- ድምጽታት፣ ቃላት ወይ ምንቅስቓስ ኣካላት የምስል
- ኣስማት ሓሙሽተ ክፍሊ ኣካላት ሰውነት ይጽውዕ

## ድሌታቶም ንምምላእ ግቡእ ባህርያት ምጥቃም

**0-6 ወርሒታት፦**

- ንናይ ገዛእ ርእሱ ስም መልሲ ይህብ
- ምስ ተዛረብካዮ ብኽያት የቋርጽ
- ክቐርበሉ ከሎ ርእሱ ናብ ጡብ ኣደ ይጠውዮ

**6-12 ወርሒታት፦**

- መጀመርታ ሓቀኛ ቃላት ይጥቀም
- ንሓደ ተግባር ንምፍጣር ዓብዪ ሰብ ወይ ዝኾነ ነገር ይትንክፍ
- ከም ርእሲ ምንቕናቕ "ኣይፋል" ዝኣመሰሉ ናይ ምልክት ቃላት ይጥቀም

**12-24 ወርሒታት፦**

- መጻወቲታት ከመይ ከም ዝሰርሑ ክፈልጥ ይፍትን
- በይኑ ይኸይድን ኣብ መደያይቦ ክስሓብ ይኽእልን
- ካብ ኢዱ ወጻኢ ዝኾነ ነገር ንምርካብ ኣብ ወንበር ደው ይብል
- ገለ ውሳነታት ይወስድ፣ ከም እንታይ ክበልዕ ወይ ክኸደን ከምዝደሊ

## ውላድኩም ክገብሮ ዝኽእል ገለ ነገራት ዘርዝሩ

..............................................................

..............................................................

..............................................................

..............................................................

..............................................................

..............................................................

..............................................................

*ቅዳሓት እዚ ሰነድ እዚ ብኻልእ መልክዕ ወይ ቋንቋ ኽትረኽብዎ እንተ ደሊኹም በጃኹም ምስ DCYF Constituent Relations (ሓባራዊ ርክባት) ተራኸቡ (1-800-723-4831 | 360-902-8060, **ConstRelations@dcyf.wa.gov**).*

DCYF PUBLICATION FS_0025 TI (12-2019) Tigrigna